Home Office

**ጉቡእ ሓላፍነት ሰብ ሞያ ጥዕናን ማሕበራዊ ሓልዮትን ከምኡ'ውን መማህራንን ብዛዕባ ምኽንሻብ ርሕሚ ወይ ብልዕቲ ደቀንስትዮ ንፖሊስ ጸብጻብ ኣብ ምቕራብ**

## ሓላፍነታዊ ጉቡእ እንታይ ኢዩ?

ብ 31 ጥቅምቲ 2015 ሰብ ሞያ ጥዕናን ማሕበራዊ ሓልዮትን ከምኡ'ውን መማህራንን ብዛዕባ ልሉይ ወይ ፍሉጥ ዝኾነ ጉዳይ ምኽንሻብ ርሕሚ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ እንተረኺቦም ንፖሊስ ከመልከቱ ጉቡእ ሓላፍነቶም ከምዝኾነ ሓዲሽ ሕጊ ተኣታትዩ። ንኣብነት፡ ሓደ ዶክተር ትሕቲ ዕድመ ወይ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነት ጓልኣንስተይቲ ምኽንሻብ ብልዕቲ ከምዝተገብረላ እንተረጋጊጹ ንፖሊስ ጸብጻብ ምቕራብ የድልዮ። ወይ ከኣ፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ብልዕቲ ከምዝተገብረላ ንመምህራ እንተነጊራ፡ እቲ መምህር ወይ እታ መምህር ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ናብ ፖሊስ ጸብጻብ ክቕርብ ይግብእ።

## ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ናብ ፖሊስ ጸብጻብ ምስቀረበ ብድሕሪኡ እንታይ ኪጋጥም ኢዩ?

ምኽንሻብ ርሕሚ ወይ ብልዕቲ ደቀንስትዮ ከቢድ ገበን ኢዩ። ስለዚ ፖሊስ ንነብስወከፍ ዝቐረበ ጉዳይ ብግቡእ ክምርምሮ የድሊ። ፖሊስ ምስ ሰብ መዚ ማሕበራዊ ሓልዮት ብምትሕብባር እታ ጓልኣንስተይቲ ካብ ሓደጋ ነጻ ትኾነሉን ትዕቀበሉን ድልየታታ ቀዳምነት ክወሃቦም ከምዘለዎን ይሰርሕ።

## ስለምንታይ እዚ ንምትእትታው ተደልዩ?

ሓንቲ ጓልኣንስተይቲ ምኽንሻብ ብልዕቲ ወይ ርሕሚ እንተተካይድዋ፡ ከቢድ ገበን ስለዝተፈጸመ፡ ስለዚ ፖሊስ ብዝተኻእለ መጠን ኣብቲ ጉዳይ ምትእትታው ክገበር ከምዘለዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። እዚ ድማ ግቡእ መርመራ ንኽካየድ ርጉጽ ይገብሮ። ዕላማ ናይዚ ጉቡእ ሓላፍነት ድማ ሰብ ሞያ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ብትብዓት ንክገጥሙ ርእሰ ተኣማንነት ከምዝሓድሮም ኣብ ምግባር ክሕግዝን ናብ ፖሊስ ዝመሓላለፉ ጸብጻባት ንኽበዝሑ ንምሕጋዝን በዚ ድማ ንጉዳያት ጉቡእ መርመራን መጽናዕትን ክካየደሎም ንምግባርን ኢዩ።[2]

## እቲ ጉቡእ ሓላፍነት ዘይፍጽሞ ወይ ዘይገብሮ ኩነታት እንታይ ኢዩ?

እዚ ግን **ከምዚ ስዕብ ማለት ኣይኮነን** ፖሊስ ምስ ሰብ ሞዚ ወይ ሰብ ሞያ ማሕበራዊ ሓልዮትን ካልኦት ዝምልኮቶም ሰብ ሞያን ከይተወከሰ ወይ ከየማኸረ ስጉምቲ ይወስድ ማለት ኣይኮነን። እዚ **ግድን ዘድሊ ኣይኮነን** ሰብ ሞያ ምክንሻብ ጓላ ኣንስተይቲ ተኻይዱ ኢዩ ኢሎም *ኣብዝጠርጠርሉ* እዋን ወይ *ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ሓደጋ ክትህሉ ትኽእል* ኢሎም ኣብዝሓስብሉ እዋን ንጉዳያት ናብ ፖሊስ ምቕራብ። እዚ ሓላፍነት'ዚ ን ልዕሊ ዕድመ ወይ ልዕሊ 18 ዓመት ዝኾነ ደቀንስትዮ ዝምልከት ኣይኮነን። ሰብ ሞያ ነዚ ጉዳያት'ዚ ኣብ ምእላይ ነቲ ኣቀዲሙ ዝጸንሐ ናይ ምክልኻል ኣገባባት ይኽተሉ።

### *መደምደምታ ወይ መጠቃለሊ ምቕራብ ጸብጻብ ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ግዴታዊ ኢይ*

እዚ ጉቡእ ሓላፍነታዊ እዚ ኣብ ዓዲ እንግሊዝን ዌልስን ዝርከባ ኣብተን ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ዝርከቡ ሰብ ሞያ ጥዕናን ማሕበራዊ ሓልዮትን ከምኡ'ውን መማህራንን ዝትግበር ይኸውን።

እዞም ሰብ ሞያ ኣብ መስርሕ ሞያዊ ንጥፈታቶም ነዚ ኣብ ላዕሊ ኣቀዲሙ ዝተጠቕሰ ጉዳይ ዝምልከት ንፖሊስ ጸብጻብ ከቕርቡ የድሊ፡

- እዚ ማለት ድማ ትሕቲ ዕድመ ወይ ትሕቲ 18 ዓመት ንዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ብልዕቲ ኣብል ዕሊኣ ከምዝተኻየደ እንተሓቢራ፡ ወይ ድማ
- እቲ በዓል ሞያ ኣብ ትሕቲ ዕድመ ወይ ትሕቲ  18 ዓመት ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ብልዕቲ ወይ ርሕሚ ከምዝተኻየደ ኣካላዊ ምልክታት እንተተዓዚቡ፡ እሞ እዚ ተግባራት'ዚ ን ኣካላዊ ወይ ኣእምራዊ ጥዕና ኣየድልን ኢዩ ኔሩ ዝብል እምነት እንተለዎ፡ ወይ እቲ ጉዳይ ምስ ባህርያዊ ኩነታትን ብትውልዲ ዝተተሓሓዘ እዩ ዝብል እምነት እንተዘይብሉ፡

እዚ ከም ብክፍሊ 5B ንምኽንሻብ ርሕሚ ወይ ብልዕቲ ደቀንስትዮ ዝምልከት ሕጊ 2003፡ ኣብ ክፍሊ 74 ከም መምላእታ ዝኣተወን ዝተማሓየሸን ኮይኑ፡ እዚ ብሕጊ 2015 ጉዳይ ከቢድ ገበን ይቁጸር።